# ደብተራ ዓዲ ሃሎ ከመየ’ሎ?

ደብተራ ዓዲ ሃሎስ ግርም ኣሎ
ዝደለዮ ‘እዝዝ እምቢ ዘለ ቐትሎ
ዝስልዖ ‘ደሊ ዝስርስሮ
በርበረ ዝዓጥኖ ዝሸርጦ
ከረዛን መዚዙ ዝሸውጦ
ብገመድ ኣሲሩ ዝውጥጦ!

ሻብዓይ ምልዮነር ናይ ኣፍሪቃ
ህዝብኻ ዘይብሉ ግራት ናይ ፈረቓ
ናቕፋ ተገፊፉ ባንኪ ክሻ
ተዃዒቱ ‘ሽየጥ ኣዋርቕ ናይ ብሻ
ዕዳግኡ ዱባይ መሬትና በርሺሻ
ስዊዝ ካብ ተኸዝነ ክኸውን ውርሻ
ደጊም ኣይተርፍን ከሃድም ናብ ጣሻ

ትዝ’ዶብለኩም ድብትርና ጃንሆይ
ቀላይ ደብረዘይቲ ነጋንንቲ ዎሆይ
ምሸት ከይዱ ይምለስ ብለይቲ
ህጻውንቲ ‘ስውእ ቀለብ ኣጋንንቲ
ደብተራ ሂቡና ዝሰፍር በዓቲ
ታሪኹ ከድገም ኩሉ በብሓንቲ
መሬት ዓዲ ሃሎ መዘናግዒተይ
ዓዚሙ ሂቡኒ ከገብር ድሌተይ

ኣልቓቕዎ ህዝቢ ናብ ድላዩ ይኺድ
ብሒም ዘለ ኩሉ ጽዓንዎ ከቢድ
መርውሓ ዘይብሉ ንዋዒ ዘንበድብድ
ናኹራ ደርብይዎ ከምሽምሽ ክህድህድ
ኣካል ምስማህመነ ጸኒሑ ክዓብድ!

ደናዳይ ዶ ሓይሽ ሃብታም ዒላበርዕድ
ፍራንኮ ናይ ቱቲ ጀራዲን ኣቑርደት
ዲታ ባራቶሎ ሃብታም ዓሊጊዲር
ጸዓት ዝመዝመዙ ብደቀባት ሙዲር
ናይ ደብተራ ‘ኽፍእ ሳንቲም ዘይእከቦ
እንትርፊ ዶሮና ባኞ ዘይርከቦ
ሕማማትን ሞትን እንኮላይ ዓጸቦ!

ንዓድና ዝኸድን ጸለሎ
ንህዝብና ዘእተወ ሰለሎ
እኪይ ሰፊርኩም ዓዲ ሃሎ
ክሲ መስርትሉ ዳኛ ‘ተሎ
እገዳ ኣውጁ እዋን ከሎ
ክይለኻኽመኩም ‘ወጽእ ከሎ።

በየን ጌሩ መጸ ዓዲ ሃሎ
ኣንታ መን ነገሮ ውሕጅ ኣሎ
ኣንታ መን ሓተተ ክድልድሎ
ኣንታ መን ለመነ ከማቕሎ

ሕጂኸ “ይኣክል” መን ይንቀሎ

ሕጊ ሎጎጭዋ እንታይ ይብሎ
ገለስከ ገንጽሉ ካብቲ ዘሎ
ደቀባት ነቒሉ ዝተኸሎ
ህዝቢ ከፊእዎ ብሓሳር ክልሎ
ፓሳጆ ንዕኡ ምስናይ ወለሎ!

ክንደይሳዕ ኣሎ መን ከኽእሎ
ሕጅስ ይኣኽለካ ዕጠቕ ድሎ
ተደለ ብሕልኮ ተደለ ብስልኮ
ተደለ ጥምጥም ተደለ ብትሕዞ
ታሪኽካ ኣሐድስ ንምንታይ ትቕንዞ!

በርበረ ትግስም መርዓት ዓዲ ሃሎ
እሕሕ ዝብል ሰብኣይ በዓል በትሪ ተሎ
መንእሰይ ክገብር እቲ ዝመሰሎ
ዘራይ ተደለኹም ዝረድእ ብተሎ
ሰራዊት ኣለኩም ጥቓ ዓዲ ሃሎ
ድሃዩ ፍለጡ ህዝቢ ኣዊጁ’ሎ!!!
ድሃዩ ፍለጡ ህዝቢ ኣዊጁ’ሎ!!!

ሃይለማርያም ተስፋይ